ብያሲን ዑመር (yassinomer01@gmail.com)

# ቅዋም ክነድፍ ይኹን ከፍርስ ስልጣን ዘሎዎ መን'ዩ?

**ብ**ኣጋማሚ ሓድሽ ዓመት 2015፡ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ምስ "ቲቪ-ኤረ " ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ፡ ነቲ ብ1997 ዝተነድፈ ቅዋም ኤርትራ **"ዝሞተ ሰነድ'ዩ"** ብዝብል ናይ ብድዐ ቃል፡ ብኢደ-ወነኑ ከም ዘፍረሶ ብዕሊ ኣፍሊጡ። ቦኽሪ ቅዋም ሃገርና፡ ክሳብ ሕጂ ብዘይረብሕ ምስምስ ተውንዚፉ ምጽንሑ ከይኣክል፡ ኣብ ግብሪ ከይወዓለ ብዘይ ገለ ምኽያንት ምፍራሱ፡ ንመስርሕ ሓርነታዊ ቃልስና ንድሕሪት ዝጐተት ኣዝዩ ዘሕዝን ታሪኻዊ ፍጻሜ ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ብዕልልታ ዝተቐበልናዮ ቦኽሪ ቅዋም ሃገርና፡ ብመስዋእትን ስንክልናን ኣሽሓት ጀጋኑና ዘመዝገብናዮ **ዝዓበየ ህዝባዊ ዓወት**ን ሰላሳ ዓመታት ብዝወሰደ መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘፍረናዮ **ዝዓዘዘ ገድላዊ ጻማን** ክነሱ፡ ፍረኡ ክንርእን ከነስተማቕርን ሃንቀው እናበልና፡ ብዕሽሉ ዝተቐትለ ንምንታይ'ዩ?

ብዘየማትእ፡ ኣብ ኣነፍዳፍኡ ዘይእረም መንቅብ (ጒድለት) ስለ ዝጸንሖ፣ ኣብ ምትግባሩ ዕንቅፋት ስለ ዝፈጠረ፣ ወይ ከኣ፡ ብህዝቢ ተቐባልነት ስለ ዘይረኸበ ኣይኰነን። ድሕሪ ሰልስተ ዓመታት ዝወሰደ ምስንዳእ፡ ብንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ዝተሰንየ ክትዕ በልጺጉን ብሃገራዊ ባይቶ ተደጊፉን ዝጸደቐ ብምንባሩ፡ ሕጋውነቱን ተቐባልነቱን ዘጠራጥር ኣይኰነን። መንቅብ እንተ ኔርዎ'ውን፡ መንቅቡ ተመሚዩ ክጽገን እምበር፡ ንህዝቢ ከይተወከስካ ብኢደ-ወነናዊ ስጒምቲ ከም ዋጋ ዘይብሉ ተራ ሰነድ ተውሲዱ ብትእዛዝ ክፈርስ፡ ፈጺሙ ዘይተጸበናዮ ወደቓ ጥራይ ዘይኰነ፡ ንኹሉ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልስና ዘመዝገብናዮ ህዝባዊ ዓወታት ዝብልል ኣዛዪ ስጒምቲ ኢዩ። ብርግጽ፡ ውልቀ-መልኺ ኢሳያስ ንቦኽሪ ቅዋምና ፈለማ ብናይ ዶብ ግጭት ኣመኻኒዩ ክውንዝፎ ዝተሃንደደ፡ ጸኒሑ ኸኣ ነቶም ዝተቓወምዎ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ (ጒጅለ 15) ምስ ኣጽነቶም ከፍርሶ ዝደፈረ፡ ንሃገርን ህዝብን ዘይረብሕ ኰይኑ ስለ ዝረኸቦ ኣይኰነን። እንታይ ድኣ፥ ትሕዝቶኡ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ከተቕውም ዘየፍቅድን ዘይቅበልን ኰይኑ ስለ ዝረኸቦ ኢዩ። ንኣብነት፡ ብመሰረት ቅዋም ሃገርና ዕድመ ስልጣን ፕረዚደንት፡ ንሓሞሽተ ዓመት ጥራይ ዝተወሰነ ኢዩ። ንካልእ ዓመታት ገዲፍካ፡ ካብቲ ቅዋም ሃገርና ዝተንድፈሉ ዓመት (1997) ጥራይ ምስ ትጽብጽቦ፡ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ከይተመርጸ ብዘይ ሕጊ ን18 ዓመታት ኣብ ስልጣን ተኾዲጨ ይገዝእ ኣሎ። ይኹን'ምበር፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ይተርፍ ን18 ዓመታት፡ ንሓንቲ ዓመት እውን ትኹን ከይተመርጸ ክገዝእ፡ ቅዋም ሃገርና ኣየፍቅደሉን ኢዩ። ብመሰረት ቅዋም ሃገርና፡ ብህዝቢ ዘይተወከለን ኣብ ሃገራዊ ምርጫ ዘይተመርጸን መራሒ፡ ሕጋዊ መራሒ ኣይኰነን። ካብዚ ብዘይፍለ፡ እቲ ብእኡ ብዓመጽን ጒበጣን ዝቖውም ዘይቅዋማዊ ውልቀ-ምልካዊ መንግስቲ እውን ከምኡ፡ ሕጋዊ ኣይኰነን።

በዚ መሰረት'ዚ፡ እቲ ንሱ ማለት ውልቀ-መልኺ ኢሳያስ፡ ብኢደ-ወነኑ ተሸይምዎ ዘሎ ናይ ፕረዚደንትነት መዓርግ ይኹን፡ እቲ ብስም ህ.ግ.ደ.ፍ ኣቑምዎ ዘሎ ውልቀ-ምልካዊ መንግስቲ፡ ንቅዋም ሃገርና ብጋህዲ ዝጥሕስ ስለ ዝኾነ፡ ብዕሊ ክኹነንን ብሕጊ ክግዘዝን (ክኽሰሰን) ዝግበኦ <u>ዘይሕጋዊ ዲክታተርያዊ ስልጣን</u> ኢዩ።

ስለዚ፡ ናይ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ፕረዚደንትነት ኰነ ናይ ህግደፋዊ ስርዓቱ መንግስትነት፡ ናይ ሓሶትን ቅጥፈትን ስለ ዝኾነ፡ ብላሽነት ሽመቱን ንድየት ስርዓቱን ንምጒላሕ፡ ነተን "ፕረዚደንት" ን "መንግስቲ"ን ዝብላ ቅጽል ቃላት ኣብ ጥቕሲ ብምእታው፡ ምስ እንጥቀመለን"ዩ ዘምሕርን ዝግባእን። ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ፡ ንነብሱ ብኢደ-ወነኑ ንሕልፈት (ንምሉእ ህይወቱ) ናይ ኤርትራ "ፕረዚደንት" ስለ ዝሸማ፡ ሓንሳእ እውን ይኹን ኣብ ሃገራዊ ምርጫ ተወዳዲሩ ከይተዓወተ፡ "ፕረዚደንት" ዝብል ኣጒል መዓርግ ሒዙ ይገዝእ ምህላዉ ቅጭጭ ዝብሎ ኣይኰነን። ከይሓፈረ ኣግሂዱ፡ "ኣብ ኤርትራ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ክተክል ዝሓልም ዜጋ እንተሎ፡ ንወርሒ ይኺድ። እዛ ሃገር እዚኣ፡ ካብ ሓደ ሰልፊ ንላዕሊ ክትጸወር ስለ ዘይትኽእል፡ ካብ ህ.ግ.ደ.ፍ ወጻኢ ካልእ ሰልፊ ክህሉ "መንግስቲ" ኤርትራ ኣየፍቅድን ኢዩ። ስለዚ፡ ሃገራዊ ምርጫ ኣይተኻየደን ኢልካ ምጭዳር፡ ብወገናዊ ዝንባለታት ዝተቖማጥዓ ድርቅምቃም ሰልፍታት፡ ብስም ደሞክራሲ ሕንፍሽፍሽ ክፈጥራ ዲል ንምሃብ ምጽዋዕ ስለ ዝኾነ፡ ሃገራዊ ምርጫ ዘይምክያድና የሐብነና እምበር ኣየሻቕለናን ኢዩ።" ብምባል፡ ንሱን ሰልፉን ንዘልኣለም ክገዝኡ ምኺኖም ደጋጊሙ ብወግዒ ኣፍሊጡ ኢዩ። ንመግስታዊ ስልጣን ከም **ናቱ ርስትን ሰማያዊ ማናን** ጌሩ ስለ ዝሪኦ፡ ብሰላምን ብፍቓዱን ን ብህዝቢ ዝተመርጸ ሰልፊ፡ ስልጣን ከረክብ ማለት ዘበት ኢዩ።

ብዘይውልውል፡ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ንቦኽሪ ቅዋምና ብዕሽሉ እንከሎ ቀቲሉ ብናቱ ምልካዊ ቅዋም ክትክኦ ዝተደናደነ፡ ካብ ክቱር ንዕቀት ህዝብና ዝነቐለ ኢዩ። እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ክቱር ንዕቀት ከሕድር ዝደረኾ፡ ክሳብ ሕጂ ንዕኡን ንስርዓቱን ኣድማዒ ግብራዊ ስጉምታት ብምውሳድ ዝምክት፡ ተቐባልነትን ተሰማዕነትን ዘሎዎ ተቓዋሚ ሃገራዊ ሓይሊ ስለ ዘየጓነፎ ኢዩ። ንሱን ስርዓቱን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝፍጽምዎ ዘሎዉ ዓበይቲ በደላትን ዘውርድዎ ዘሎዉ ሰፍ ዘይብል ዕንወትን እናንከየ ዘይኰነ እናወሰኸ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ምኽንያቱ፡ ክሳብ ለይተ-ሎሚ ዘስመዖን ዝቐጽዖን ህዝባዊ ሓለንጊ ኣብ ዝባኑን ዝባን ስርዓቱን ስለ ዘይዓረፈ፡ ስቕታናን ልኡምነትናን ንንዕቀቱን ትዕቢቱን ሰማይ ብምዕራግ፡ ንኣደራዕ ግፍዕታቱ ዘጸይፍ ዘለፋ ብምውሳኹ፡ መመሊሱ ከም ዝሻድንን ከም ዝትፍነንን ይገብሮ ኣሎ። ብምንጽጻር፡ ንሓይልን ኲነታትን ተቓወምቲ ስርዓቱ ክግምግም እንከሎ፡ ንሱን ስርዓቱን ላዕለዋይ ኢድ ሒዞም ከም ዘሎዉ'ዩ ዝኣምን። እምንቶኡ ካብዞም ዝስዕቡ ክትክሕዶም ዘይተኽእል ዓሰርተ ክውንነታት ዝመንጨወ ኢዩ:-

- ነቶም ዘስግእዎ ዝነበሩ ላዕለዎት መራሕቲ፡ ብተንበርካኽነት ከሲሱ ዝኾነ ተቓውሞ ከየተንሰአ፡ ከም ዝጸንቱ ጌሩ ብምዕዋቱ፣
- ነቶም ላዕለዎት መራሕቲ ድሕሪ ምውጋዱ፡ ነቲ ንምልካዊ ስልጣኑን ቀጻልነት ህላውና ስርዓቱን ዝገትእ፡ ብ1997 ዝተነድፈ ሃገራዊ ቅዋም፡ ብናይ ዶብ ግጭት ብምምኽናይ ክሳብ ዝደሉ ክውንዝፎ ብምኽኣሉ፣
- ንኹሎም ዝተርፉ ተቓወምቲ ስርዓቱ ለቓቒሙ ብምጽጻይ፡ ምልካዊ ስርዓቱ ምስ ኣደልደለ፡ ነቲ ወንዚፍዎ ዝጸንሐ ሃገራዊ ቅዋም ተኣማሚኑ "**ዝሞተ ሰነድ'ዩ**" ብምባል ከፍርሶ ብምብቕዑ፣
- ነቶም ንስርዓቱ ክቃወሙ ዓቕምን ኒሕን ዘሎዎም መንእሰያት፡ ኣብ ገደብ ግዜ ዘይብሉ "ሃገራዊ ኣገልግሎት" (መንግስታዊ ባርነት) ተቖሪኖም ከም ዝተርፉ ብምግባር፡ ብሜላ ንተቓውሞኦም ብምልማሱ፣
- ሰውራዊ ሓይሊ መንእሰያት ከም ዝለምስ ኣብ ርእሲ ምግባሩ፡ ዘከላበቶም መንእሰያት ውዒሎም-ሓዲሮም ዕንቅፋት ከይፈጥርሉ (ከይብድህዎ)፡ ብዝወረዶም ግፍዒ ተስፋ ቀቢጾም ሃጽ ኢሎም ብዕስለ ከም ዝስድዱን ኣደዳ ኣካላት ሰብ ዝነግዳ ናይ ማፍያ ጕጅለታት ከም ዝኾኑን ብምግባሩ፣
- ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝቢ፡ ብራዕድን ሽበራን ነንሓድሕዱ ከም ዘይተኣማመንን ከም ዝገዳዳዕን ብምግባር፡ ብማእሰርትን መቕተልትን ስቅያትን ሓሰረ-መከርኡ ጸጊቡ፡ ንያቱ ከም ዝዓርብን ትሃኑ ለሽ ከም ዝብልን ጌሩ ብምሓዙ፣
- ነቶም ከነቓቕሑን ከበራብሩን ክመርሑን ዝኽእሉ ምሁራትን ንቑሓትን ደሞክራሲያውያን ዜጋታት፡ ንገሊኦም "ተበለጽቲ"፡ ንገሊኦም ከኣ ዜግነቶም ብምኽሓድ "ወያነ" ብዝብል ጠቐነ ከም ዝንጸሉን ዝዝሕትሉን ብምግባር፡ መብዝሕትኦም ካብ ቃልሲ ዝቦኽርሉ ሃዋህው ብምፍጣሩ፣
- ነቶም ብንሕና-ንሱ ዝፍለጡ ዕሙታት ደገፍቱ፡ ኩሉ ዘጋጥመና ዘሎ ጸገማት (ፍሽለታት) ብሰንኪ ግዳማዊ ተጻብኦታት'ዩ ብምባል፡ ናይ ዕንዛይነት (ግዳይነት) መንፈስ ከም ዝሓድሮም ጌሩ ብምህማል፡ ናብ ምእዙዛት ኣገልግልቲ ብምቕያሩ፣
- ነቲ ኣብ ደገ ዘሎ ህዝቢ፡ ተጠርኒፉ ብሓድነት ከይቃልስ ምእንቲ፡ ሃሱሳት መልሚሉ ኣብ ውሽጡ ብምእታው፡ ኣብ ወገናዊ ዝንባለታት ጥሒሉ ከም ዝከፋፈልን ከም ዝረሓሓቕን ጌሩ ብምድኻሙ፣
- ነተን ተቓወምቲ ሰልፍታት፡ ስለይቲ ልኢኹ ንስልጣን ብዝሻመው መራሒቲ ከም ዝሩኽመሻን ብንኡስ ጉዳያት ተፈናጪለን ከም ዝራብሓን ብምግባር፡ ተረሚሰን ከም ዝተርፋ ጌሩ ብማዕዶ ኰይኑ ብምስናፉ፣ ከምኡ'ውን
- እቲ ብህድማ ዝማህመነን ብናይ 21 ጥሪ ናዕቢ (ስርሒት ፎርቶ) ዝተጸልወን ሃገራዊ ሰራዊት (ሓይልታት ምክልኻል)፡ እንትርፎ እቶም ላዕለዎት ኣህሉቑ፡ ኣብ ልዕሊኡን ስርዓቱን ቅንጣብ እምነት ስለ ዘይብሉ፡ ካብ

ዝኾነ ዘይተጸበዮ ህዝባዊ ምልዕዓል መድሕን ኰይኑ ዝከላኸለሉን ዘገላግሎን መተካእታ ሓይሊ (ደምሓት) ኣብ ጎኑ ከሰልፍ ብምጽንሑ።

እዞም ዝተዘርዘሩ ዓሰርተ ክውንነታት፡ ንውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ዕምሪ ህግደፋዊ ሰርዓቱ ንምንዋሕ ይሓግዝዎ ድኣ'ምበር፡ እቲ ብቐጻሊ ዝፍጽሞ ዘሎ ብገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ዘኽስስ ዘስካሕክሕ ኣረመናዊ ተግባራት፡ ከይተሓተተሉ ተሓቢኡን ተረሲዑን ዝተርፍ'ኳ እንተመሰሎ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እቲ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዘሎ ሓፋሽ ህዝብና ክነቕሓሉን ክፈልጦን ስለ ዝጀመረ፡ ጉዱ ኣብ ውሽጢ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መላእ ዓለም ብዘሕፍር ኣገባብ ይቃላዕ ኣሎ። እዚ ክስተት'ዚ፡ ንተቓውሞ ደለይቲ ፍትሒ ዘሐይልን ዘዕብን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንውድቅት ምልካዊ ስርዓቱ እውን ዘቀላጥፍ <u>ኣዎንታዊ ምዕባለ</u> ኢዩ።

ዝኾነ-ኾይኑ፡ ንቅዋም ሃገር ብኢደ-ውነንካ ምፍራስ ይኹን ብናትካ ምልካዊ ቅዋም ክትክእ ምህቃን ዓቢ ድፍረት ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ <u>ብሃገራዊ ክሕደት ዘኽስስ ዓቢ ገበን</u> ኢዩ። ዝኾነ ከም ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ዝኣመሰለ ዘይሕጋዊ ፕረዚደንት፡ ይትረፍ ብህዝቢ ከይተመርጸ፡ ዋላ'ውን ብህዝቢ ይመረጽ፡ ብህዝቢ ንዝጸደቐ ቅዋም ሃገር ክፍርስ ፈጺሙ ዝኾነ ዓይነት <u>ስልጣን ይኹን መሰል</u> የብሉን። እቲ ንቅዋም ሃገር ክነድፍ ኰነ ክፍርስ ዘይገሃስ ሕጋዊ ስልጣንን መሰልን ዘሎዎ እንኮ ኣካል፡ <u>ህዝቢ ጥራይ</u> ኢዩ። ንቅዋም ይትረፍ ከተፍርሶ፡ ክትጽግኖ እውን ምስ እትህቅን፡ ንህዝቢ ከይተወከስካን ከየርደኻን ክትጽግኖ ቅቡልን ቅንዑን ኣይኰነን። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ንዘይገሃስ ሕጋዊ ስልጣን ህዝቢ ብጋህዲ ግሂስካ፡ ንቅዋም ሃገር ብኢደ-ወነንካ ክትነድፍ ኰነ ከተፍርስ ምህንዳድ፡ ልክዕ ከም ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኣብ ህጉም ንምእታው ምህንዳድ'ዩ ዝቝጸር። እናፈለጠ፡ ብህዝቢ (ብመንገዲ ሃገራዊ ባይቶ) ንዝጸደቐ ሃገራዊ ቅዋም ኣቈናጺቡ ብምፍራስ፡ ንዕኡ ብዝምእምእ ናቱ ምልካዊ ቅዋም ክትክእ ዝደናደን መራሒ ሃገር፡ እቲ ንነብሱ ልዕሊ ሕጊ ብምስራዕ በትረ-መንግስቲ ብዓመጽ ዝጨበጠ ጐባጢ ጥራይ ኢዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ጐባጢ፡ ንነብሱ ዝወሰደ ይውሰዳ፡ ከምኡ'ውን ብሰዓብቱ ይወደስ ይመለኽ፡ ካብ ጸይቀ-ዕሉል (notorious) ዲክታተር ሓሊፍካ ካልእ እትረኽበሉ ብቑዕ መጸውዒ ወይ መለለዪ የብሉን።

ስለዚ፡ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ብህዝቢ ንዝጸደቐ ሕጋዊ ሃገራዊ ቅዋም፡ ብኢደ-ውነኑ ብድርቅና ምፍራሱን ድንብርጽ ከይበሎ ብናቱ ምልካዊ ቅዋም ክትክእ ህርድግ ምባሉን፡ ኣዝዩ ዘጸይን <u>ዓቢ ድፍረትን ስድነትን</u> ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኣውራኡ <u>ጸረ-ህዝብን ጸረ-ሃገርን</u> ዝቐንዐ ይቕረ ዘይበሃሎ ዓቢ ገበንን ክሕደትን'ዩ ፈጺሙ።

ውልቀ-መልኺ ኢሳያስ፡ ኣብቲ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2015 ምስ "ቲቪ ኤረ" ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ፡ እቲ ብ1997 ዝተነድፈ ቅዋም ከም ዝሞተ ብወግዒ የፍልጥ ድኣ'ምበር፡ ኣቐዲሙ ኣቦ-መንበር ህ.ግ.ደ.ፍ የማነ ገብረኣብ፡ ነቲ ብናይ ወጻኢ ጋዜጠኛታትን ብዜጋታት ሃገርን ኣበየ ዘበጸሖ ሃገር ዝቐርቦ ዝነበረ በዳሂ ሕቶ፥ "ንምንታይ ነቲ ብ1997 ዝተነድፈ ቅዋም ኣውንዚፍኩም ብዘይ ቅዋም ትመሓደሩ ኣሎኹም ?" ዝብል፡ መልሲ ክህብ እንከሎ፡ ነቲ ናይ 1997 ቅዋም ጉስዩ፡ ብድብድቡ፥ "ኣንመሓደረሉ ቅዋም ኣሎና፣ ከም ኣድላይነቱ ብኸፊሉ ኣብ ግብሪ ኣውዒልና ንጠቀመሉ ኣሎና" ብምባል ይሸሕጥ ኔሩ። የማነ ገርብረኣብ፡ ነቲ " ከም ኣድላይነቱ ብኸፊሉ ኣብ ግበሪ ነውዕሎ ኣሎና " ንዝበሎ ከንጸር እንከሎ፡ "ክልተ-ስልሲት ቅዋም ተተግቢሩ'ዩ፣ ተሪፉ ዘሎ ዘይተተግበረ ክፋል ሓደ-ስልሲት ጥራይ'ዩ፣ ንሱ ድማ፥ እቲ **ንሃገራዊ ምርጫ** ዝምልከት'ዩ" ብምባል፡ ንደግፍቲ ንሕና-ንሱ ከደዓዕስ ህርድግ ይብል ኔሩ። ቅዋም ብየማነኣዊ ኣጕዛዝያ፡ ኣብ ክልተ ጕዚኻ፡ እዚ ጒዚ'ዚ ሕጂ ከነተግብሮ ኢና፡ ኣቲ ዝተርፈ ጒዚ ኸኣ ምስ ጠዓመና ጸኒሕና ክንትግብሮ ኢና ብምባል፡ ከም ሕሩድ ስጋ ብዊንታኻ ትጕዛዝዮ ሰነድ ኣይኰነን። እንታይ ድኣ፡ ከይጐዘኻ -ከይጐዛዘኻ ብዘይ ሕልክስክስ ኣብ ግብሪ ዝውዕል <u>ዘይመናጨት ሰነድ</u> ኢዩ።

ብዝኾነ፡ እቲ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ዝሃቦ ቃል፡ ማለት እቲ ብ1997 ዝተድነፈ ቅዋም **"ዝሞተ ሰነድ'ዩ"** ዝብል፡ ምስቲ የማነ ገብረኣብ ኣቐዲሙ ንንሕና-ንሱ ንምሽሓጥ ዝሃቦ ቃል፡ ማለት እቲ "እንመሓደረሉ ቅዋምኮ ኣሎና፣ ድሮ 'ውን ክልተ-ስልሲቱ ኣብ ግበሪ ኣውዒልና ንጥቀመሉ ኣሎና" ዝበሎ፡ ብቐጥታ ዝገራጮ'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብመሰትረቱ ዘፍርሶ ኢዩ። እዚ ነንሓድሕዱ ዝዋቓዕ ተገራጫዊ መልስታት'ዚ፡ ህግደፋውያን ኣቐዲሞም ዝበልዎ ዘይዝክሩን እንታይ ይብሉ ከም ዘሎዉ ዘይፈልጡን ድንጉራትን ሃጓፋትን ምዃኖም ዘረድእ መርትዖ ኢዩ። ስርዓት ህግደፍ፡ ንባህሪ መንግስታዊ ስልጣኑ ንምሽፋን፡ "ኣብ ዕብየት ዘተኰረ ገስጋሲ ስነ-ሓሳብ ዝኸተል ግብራዊ ስርዓት (pragmatic regime)" ምዃኑ ብምግላጽ ይነየት ድኣ'ምበር፡ ኣብ ዲቕ ዝበለ ጸልማት ተዋሒጡ ደንበርበር እናኣበለ፡ ብዊንታን ወስታን ሓደ ውልቀ-ሰብ -- ውልቀ-መልኺ ኢሳያስ -- ዝንቀሳቐስ ስነ-ሓሳቡ ዝነደየ <u>ፋሽል ስርዓት</u> ኢዩ። ገለ ካብቶም ኣገደስቲ

ረቛሒታት ፍሽለት ስርዓቱ፡ ነዞም እዚ ስርዓት'ዚ፥ "ብዘይ ቅዋም፣ ብዘይ ባይቶ፣ብዘይ ባጀት፣ ብዘይ ምርጫ፣ ብዘይ ውጥን፣ ብዘይ ቅጥዒ፣ ከምኡ'ውን ብዘይ ቀይዲ ዝመሓደር ፋሉል ስርዓት ምዃኑ፡ ኣብ ዝኸድካዮ ስፍራ ብልጭ-ብልጭ እናበሉ ዝሕብሩ፡ ኣብ ባይታ ሃገርና ቍልሕ ኢልካ ብቋሕ-ሰም እተስተብህለሎም ርኡያት ጭብጥታት" ዝሓቈፍ ኢዩ። እዚ ሓቂ'ዚ፡ ከዊልካ ዘይክወል መላእ ሃገርን ዓለምን ዝፈልጥዎ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኢዩ።

ብኢደ-ወነንካ፡ ንሃገራዊ ቅዋም ምፍራስ ይኹን ንረብሓኻ ብዘገልግል ምልካዊ ቅዋም ክትከኦ ምህቃን፡ ይቕረ ዘይበሃሎ ዝዓበየ ገበንን ክሕደትን ዝቍጸር ግን ሃገራዊ ቅዋም ንድሕነት ሃገርን ህዝብን ክሳብ ክንደይ ኣድላይን ኣገዳስን ስለ ዝኾነ ኢዩ?

ነዚ ኣዝዩ ዕዙዝን በዳህን ሕቶ'ዚ፡ ብዕግበት ንምምላስ ኣቐዲምና፥ "ቅዋም እንታይ'ዩ? ንምንታይከ'ዩ ዘገልግል?" ንዝብሉ ክልተ መሰረታውያን ሕቶታት፡ ኣብ ቀንዲ ፍረ-ነገሮም ብምትኳር ክንምልስ ኢና። ብድሕሪኡ፡ ብዛዕባ ቅዋም ዕሙቕ ዝበለ ርድኢት ንምድላብ፡ ቅዋም ንመግስታዊ ስልጣን ኣብ ምግዳብን (ምድራትን) ምቕያድን ከምኡ'ውን ንህዝባዊ መሰላት ኣብ ምውሓስን ምርግጋጽን ዘሎዎ ወሳኒ ግደ፡ ፍሉይ ቆላሕታ ብምሃብ ክንድህስሶ ኢና። ነዚ ዕማምም'ዚ፡ ብብቕዓት ንምዕማም ክሕግዘና ንእግረ-መንገድና፡ "መንግስቲ እንታዩ'ዩ? ንምንታይ ንምግልጋልከ ዝቐመ'ዩ?" ንዝብላ ክልተ ደገፍቲ ሕቶታት፡ ምስ ኣድላይነትን ኣገዳስነትን ቅዋም ብምዝማድ ክንምልሰን ኢና። ቀጺልና፡ ንስሉሳዊ ዝምድና ቅዋምን ደሞክራስን ሓርነትን ቅርብ ኢልና ክንግዘቦ ኢና። ነቲ ኣብ መንጎ ቅዋምን ደሞክራስን ሓርነትን ዘሎ ዘይነጻጸል ዝምድና ድሕሪ ምግንዛብና፡ ቅዋም ዋሕስ ሓድነት ህዝብን ማዕርነት ብሄራትን ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኣውራኡ ተጣባቕን ተሓላቕን ህዝባዊ መሰላት ምዃኑ ኣከታቲልና ክንምልከቶ ኢና።

## 1. ቅዋም እንታይ ኢዩ? ንምንታይከ'ዩ ዝጠቅም?

ኣብ ዝኾነት ሃገር፡ እቲ ንመላእ ህዝባ ዝሓቍፍ ዝለዓለን ዝዓበየን ማሕበራዊ ጥርናፈ፡ ሕብረተሰብ ኢዩ። ቅዋም፡ ሕብረተሰብ ዝመሓደረሉ ላዕለዋይ ሃገራዊ ሕጊ ብምዃኑ፡ ካልእ ኲሉ ዓይነት ሕግታት ካብ ቃልን መንፈስን ዓንቀጻቱ ከይወጽአ፡ ኣብኡ ብምምርኳስን ብእኡ ብምምጫንን'ዩ ዝሕገግ። ካብዚ ዝተላዕለ፡ ቅዋም ርእሰ-ሕግታት'ዩ ተባሂሉ ክጽዋዕ ይካኣል ኢዩ።እቲ ንቅዋም ካብ ካልእ ዓይነት ሕግታት፡ ንኣብነት ካብ ገበናዊ ሕግታት፡ ዝፈልዮ ግን ርእሰ-ሕግታት ብምዃኑ ዘይኮነ፡ ኣተንኡ ሰፊሕ ብምዃኑ ኢዩ። ቅዋም ኣትንኡ ሰፊሕ'ዩ ማለት፡ ሕግታቱ ኣብ ዜጋታት ሃገር ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ንመንግስቲ ናይታ ሃገር እውን ከይተረፈ ዝቕይድ'ዩ ማለት ኢዩ። ኣብ ቅዋም ዘሎዋ ሃገር ዝርከብ መንግስቲ፡ ስልጣኑ ዝተገደበ፣ ዕድመኡ ዝተውሰነ፣ መዝነቱ ዝተነጸረ፣ ከምኡ'ውን ሓልፍነቱ ዝተመጠነ ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ቅዋም ዘሎዋ ሃገር ዝርከብ ሰልስቲኡ ኣካላት መንግስቲ (ሓጋጊ ኣካልን ፈራዲ ኣካልን ፈጻሚ ኣካልን)፡ ነንሓድሕዱ ንምቍጽጻር ክጥዕም፡ ርእሱ ዝኸኣለን ዝተመዛዘን ምሉእ ስልጣን ኣሎዎ። እዚ መንግስታዊ ቅርጺ'ዚ፡ ሓጋጊ ኣካል (መራሕ ሃገር) ገባርን ሓዳግን ኰይኑ ስልጣን ከይግብት ኣብ ርእሲ ምኽልካሉ፡ ካብ ሕጊ ወጺኡ ንኽይዕምጽ ማለት ንቅዋም ከይጥሕስን ከየፍርስን ዝገትኦ ኢዩ።

ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ብቅዋም ተቐይዱ ዝመሓደር መንግስቲ ስለ ዘይኮነ፡ ብህዝቢ ከይተመርጸን ከይተወከለን ገድብ ዘይብሉ መንግስታዊ ስልጣን ኣብ ኢድ ሓደ ውልቀ-መላኺ ከም ዝውድቕ ብምግባር፡ ብዘይ ግዝኣተ-ሕጊ'ዩ ዝገዝእ ዘሎ። ብሕጊ ተቐያድነትን ብሓልፍነት ተሓታትነትን ህዝባዊ ግሉጹነትን ስለ ዘይብሉ፡ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብኢደ-ወነናዊ ውሳነ ውልቀ-መልኺ ኢሳያስ 'ዩ ዝመሕደር፡፡ ኣብ "ቤተ-መንግስቲ" ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ንዝኾነ ኣገዳሲ ሃገር-ጠቀስ ጉዳይ፡ ብሓባር ተዛቲኻ ንኹለንትናኡ ብምምርማር ምጽዳቕ ዝውቱር ኣገባብ ኣሰራርሓ ኣይኮነን። እቲ ዝውቱር ኣገባብ ኣሰራርሓ ፡ ንኢሳያስ ዘሕለፎ ውሳነ ብጭቕ ከይበልካ ተጠማሚትካ ምጽዳቕ ኢዩ። ሕልፍ-ሕልፍ ኢሉ፡ እቲ "ካበነ ሚኒስተራት" ዝበሃል ልሙስ ኣካል፡ ውልቀ-መልኺ ኢሳያስ ንዘሕለፎ ውሳነ ሰሚዑ ርእሱ ብኣዎንታ ክንቕንዕ ይእከብ'ኳ እንተኾነ፡ ኣፍራሲ ናይ ተቓውሞ ድምጺ ከስምዕ ስልጣን የብሉን። ብሰንኪ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይደሞራስያዊ ኣመራርሓ፡ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስን ስርዓቱን ንሃገርና ብርኡይ ናብ ዕንወትን ጥፍኣትን ይመርሕዋ ኣሎዉ። ህዝብና ህይወቱ ብናጽነት ንኸይመርሕ፡ ብውልቀ-መላኺ ኢሳይስን ስርዓቱን፡ መሰሉ ስለ ዝተሓረመ እውን ርእይቶኡ ክገልጽ ኰነ ተቓውሞኡ ከርኢ ኣይከኣለን ዘሎ። ብሰሪ'ዞም ንናጽነት ከምዛ በይኖም ተጋዲሎም ዘምጽእዋ፡ "

ንሕና ኢና ካብ ኣርዑት ሰንሰለታዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓራ ዘውጻእናካ መድሕን ሃገር! " እናበሉ፡ ውግሐ-ጸብሐ ዝጀሃሩ ዘሎዉ ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝኸፍኡ ዘቤታውያን ገዛእቲ (ህግደፋውያን)፡ ይበሳበስን ይሳቐን ይሃልቕን ኣሎ።

እዞም ዘቤታውያን ገዛእቲ እዚኣቶም፡ ድሕሪ ምጉንጻፍ ናጽነት ኣብ ልምዓት ሃገር ዘበርከትዎ ዝጭበጥ ኣስተዋጽኦ ማለት ኣብ ዝኾነ ቍጠባዊ ይኹን ማሕበራዊ ጽላት ዘሰላጥዎ ዓበይቲ ስርሓት ስለ ዘይብሎም፡ ጸጸኒሖም ንድሕሪት ናብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ እናተመልሱ፡ በቲ ሽው ዝተመዝገበ ዘንጸባርቕ ህዝባዊ ዓወታት ክምዕርጉን ክነኣዱን ኢዮም ዝፍትኑ። ብሓድሽ ድሕሪ ናጽነት ዝሰርሕዎ ታሪኻዊ ቅያ ክንዲ ዝሕበኑ፡ ኣብ ሕሉፍ ታርኻዊ ቅያ ሓርነታዊ ቃልሲ ተጐዝጒዞም፡ ነቲ ብቐጻሊ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጽምዎ ዘሎዉ ዓለም ዘስደመመ ዘስካሕክሕ በደላት፡ ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዘውርድዎ ዘሎው ስንብራቱ ዘይሃስስ ዕንወት፡ ዝሸፋፍንዎ ወይ ዝድምስስዎ'ዩ ዝመስሎም። ሕሉፍ ታሪኻዊ ቅያ ሓርነታዊ ቃልስና፡ ከምዛ ናይ በይኖም ቅርሲ ክብሕትዎን ከውንንዎን ይሃቅኑ ድኣ'ምበር፡ ውጽኢት ናይቲ ተጋደልቲ ናይ ክልተኡን ሓርነታውያን ግንባራት -- ተ.ሓ.ኤን ህ.ግ.ሓ.ኤን-- ዝኸፈልዎ መስዋእትን ኣብ ጐነን ተሰለፉ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝርከብ ሓፋሽ ህዝብና ዘበርከቶ ኣስተዋጽኦን (ኣብ ምዕዋት ሓርነታዊ ቃልስና ወሳኒ ተራ ዝተጻወተ) ኢዩ። ህግደፋውያን፡ ኣብ ሕሉፍ ካብ ምንባር ተቘጢቦም፡ ህሉው ባዕሎም ዝፈጥረዎ ምድራዊ ገሃነብ ከይለብለቦም፡ እንተ ዝውግድዎ ምሓሾም። ዝሓዝካ ዘይብልካ፡ ሓያል ክትመሰል ብኣሸባሪ ሓተታታት ንኣበራትካ ክትሓብእን ንፍሽለትካ ከተመኽንን፡ ሑኽ ምባል ፍረ ኰነ ጻማ የብሉን። እንትረፎ፡ ነቲ "ናይ ኣፍርካ ሰሜን ኮርያ" ን "ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ነግራም" ን ዝብል ንባህርኻ ዘንጸባርቕ ክልተ ነባር ሳጓታት፡ "ኣብ ልዕሊ ሰብኣውነት ገበናት ዝፈጸመ ወንጀለኛ" ዝብል ንተግባራትካ ዘቃልዕ ሳልሳይ ዝበኣሰ ግዚ (ክሲ) ምውሳኽ!

## 2. መንግስቲ እንታይ'ዩ? ንምንታይ ከገልግልከ ዝቖመ'ዩ?

**መ**ንግስቲ እቲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገር ካብ ዝኾነ ወገን ንላዕሊ ዝለዓለ ስልጣንን ዝዓበየ ሓይልን ዝሓዘ ኣካል ኢዩ። ብኣቀዋውማኡ፡ ንፈጻሚ ኣካልን (መራሕ ሃገርን ሚኒስተራቱን) ሓጋጊ ኣካልን (ሃገራዊ ባይቶ) ፈራዲ ኣካልን (ቤት-ፍርድን) ጥራይ ዘይኰነ፡ ንሓይልታት ምክልኻልን (ሃገራዊ ሰራዊት) ናይ ጸጥታ ትካልን (ፖሊስን ኣብያተ-ማእሰርትን) ናይ ስለያ ማእከልን ህዝባዊ ምምሕዳራትን ካልኦት ማሕበራዊ ኣግልግሎት ዝህባ ዝተፈላለያ ክፍልታትን (ክፍሊ ትምህርቲ፣ ክፍሊ ሕክምና፣ ክፍሊ ህንጻ፣ ክፍሊ ቍጠባ ወ.ዘ.ተ) ዘጠቓልል ኢዩ። ወዳባት ሃገርን ማዕድናዊን ባሕራውን ሃብቲ ሃገርን እውን ናይ ህዝቢ ንብረት ስለ ዝኾነ፡ ከም ኣካል መንግስቲ ተወሲዱ በቲ መንግስቲ'ዩ ዝመሓደር። መንግስቲ፡ ንህዝቢ ናይታ ሃገር ካብ ባዕዳዊ ወራር ንምክልኻል፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ስርዓትን ሕግን ንምኽባር፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምስፋን፣ ህዝባዊ ኣገልግሎት ንምሃብ፣ ንክፋላት ሃገር (ኣውራጃታት) ኣብ ሓደ ጠርኒፉን ኣማእኪሉን ንምምሕዳር፣ ከምኡ'ውን ነቲ እታ ሃገር ምስ ናይ ወጻኢ ሃገራት እትምስርቶ ዝምድናታትን እትገብሮ ርክባትን ንምእላይ ዝቖመ ኢዩ።

ካብዚ ዝተጠቕሰ ዕማማት መንግስቲ ብቐሊሉ ክርዳእ ከም ዝከኣል፡ መንግስቲ ንህዝቢ ንምግልጋል ዝቖመ ኣገልጋሊ እምበር ተገልጋሊ ኣይኰነን። ዋና ሃገርን ዋና መንግስትን ወትሩ እቲ ህዝቢ ኢዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ እቲ መንግስቲ ነታ ሃገር ንምምሕዳር ዝጥቀመሉ ቅዋም፡ ሕጋውነት ክለብስን ተቐባልነት ክረክብን ዝኽእል፡ ብንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ምስ ዝንደፍ ጥራይ ዘይኰነ፡ እንተላይ ብዓብላሊ ድምጺ ህዝቢ ምስ ዝጸድቕ ኢዩ፡፡ ብተወሳኺ፡ እቲ ንዝተወሰነ ወቕቲ መንግስታዊ ስልጣን ክሕዝ ሓላፍነት ዝተዋህቦ ሰልፊ ይኹን፡ እቶም ንመንግስቲ ከካይዱ ዝተመዘዙ ሰብ-ስልጣን ( ንኣብነት፡ ኣባላት ሓጋጊ ኣካልን ፈራዲ ኣካልን)፡ ስልጣኖምን መዝነቶምን ሕጋውነት ዝለብስን ህዝባዊ ተቐባልነት ዝረክብን፡ ኣብ ናጻን ፍታሓውን ሃገራዊ ምርጫ ተውዳዲሮም በቲ ህዝቢ ምስ ዝምረጹን ዝውከሉን ጥራይ ኢዩ። ብህዝቢ ዘይተመርጹን ዘይተወከሉን፡ መራሕ ሃገርን ሰብ-ስልጣን መንስግትን፡ ስልጣኖም ይኹን መዝነቶም ሕጋዊ ኣይኰነን።

መንግስቲ፡ በቲ ካብ ህዝቢ ዝምእርሮ ግብርን ቀረጽን፣ ካብ ሃብቲ ሃገር ዝረኽቦ ኣትዋት፣ ከምኡ'ውን ካብ ዘዋፈሮ ርእሰ-ማል ዝኸሰቦ ትርፊ ዝምወል'ኳ እንተኾነ፡ ንህዝቢ ኣግለግሎት ንምሃብን ሃገር ንምምሕዳርን ዝቖመ ኣካል እምበር፡ ልዕሊ ሕግን ቅድሚ ህዝብን ተሰሪዑ ጾር ኰይኑ ንህዝቢ ከሰራጢ፡ ክጭኩን፡ ወይ ከኣ ክምዝምዝ ዝቖመ ገዛኢ ሓይሊ ኣይኰነን። ይኹን'ምበር፡ ኲሎም ከም ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ዓሚጸም ስልጣን ዝሓዙ ገዛእቲ፡ እቲ ህዝቢ ኣሜን ኢሉ ክግዛኣሎም ምእንቲ፡ ንሳቶም ኣብ ልዕሊ ዝባኑ ተወጢሖም ክገዝኡ ፍሉይ ትዕድልቲ ከም ዘሎውም፡ እቲ ህዝቢ ኸኣ ኣብ ታሕቲ ኰይኑ ንጾሮም ተሰኪሙን ተማእዚዙን ክግዛእ ሰማያዊ ጽሕፍቶኡ ከም ዝኾነ ከእምንዎ'ዮም ዝጽዕሩ። እቲ

መንግስቲ ናቱ ክነሱ፡ ዋናታት ንሳቶም ምዃኖም ብራዕድን ሽበራን ስዩም ኢሉ ክኣምነሎም ካብ ምጉብዕባዕን ምብስባስን ምግፋዕን ኣይቀ'ጠቡን ኢዮም። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ፡ ሃገራዊ ምርጫ ንኸየካይድ ዘኽንቦ ዘሎ፡ ንስልጣን መንግስቲ ዝውስን ሃገራዊ ሓይሊ ባዕሉ ህዝቢ ምዃኑ እንተ ፈሊጡን ዕድል ረኺቡን፡ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓቱ ኣድሚጹ ከይግልፎ ስለ ዝሰግአ ኢዩ።

ውልቀ-ምልካዊ "መንግስቲ" ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ብህዝቢ ዝተመርጸ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ስለ ዘይኮነ፡ ንህዝቢ ዝሓልን ዘገልግልን ዝከላኸልን ኣይኮነን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ፡ ንህዝቢ ናብ ጊልያ ለዊጡ ከይናሓፈ ዝምዝምዝን ዝጭቁንን ዝገፍዕን ገዛኢ ደርቢ ኢዩ። እዚ ገዛኢ ደርቢ'ዚ፡ ኣብ ታሪኽ ሃገርና ኤርትራ፡ ንመጀመርታ ግዚ ዝተቐልቀለ ዘቤታዊ ገዛኢ ደርቢ ኢዩ። እዚ ዘቤታዊ ገዛኢ ደርቢ'ዚ፡ ዝወቅስ ሕልና ዘይብሉ ኣዝዩ ጨካን ስርዓት ምዃኑ ዘመስክሩ መርኣያታት ብርክት ዝበሉ ኢዮም። ገለ ካብዞም መርኣያታት እዚኣቶም ንኣብነት፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ላምፐዱዛ ዘጋጠመ ኣዝዩ ዘሕዝን ድንገት ምስ ኣጓነፈ ዘርኣዮ ዘስደምም ጠባይ ኢዩ። ፈለማ እቲ ድንገት ምስ ኣጋጠመ፡ ዜግነቶም ብምኽሓድ ብልሳን "ቲቪ ኤረ" ፥ "ልዕሊ ሰለስቲ ሚእቲን ሓምሳን ዝኾኑ ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን፡ እታ ዝጐዓዙላ ዝነበሩ ጀልባ ብምግልባጣ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ኣብ ከባቢ ደሴት ላምፐዱዛ ጥሒሎም" ብምባል፡ ከም ዘይምልከቶ ሽፈፍ ኢሉ ክሓልፎ'ዩ ፈቲኑ። ጸኒሑ እቲ ዘጋጠመ ድንገት ዘስካሕክሕ ብምንባሩ፡ ኣብ መላእ ዓለም ተዋዓዊሁ ዝዓበየ ቆላሕታ ረኺቡ ብዙሕ ከዛርብ ምስ ጀመረ፡ እቶም ዜጋታት ዜጋታቱ ምዃኖም ብምእማን፡ ንዘይትግብሮ፡ ንሬሳታቶም ናብ ዓዶም ኣግዒዙ ንቡር ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ከም ዝረኽቡ ንምግባር፡ ምስ መንግስቲ ኢጣልያ ብምትሕብባር ይነጥፍ ምህላው'ዩ ገሊጹ። ብግብሪ ግን ነቲ ዝኣተዎ መብጽዓ ኣብ ርእሲ ምዕባሩ፡ ንወለድን ኣዝማድን ናይቶም ግዳያት ንመጻረዪ መንነት ዝውዕል 50 ዩሮ ብምኽፋል፡ ሕሰሞም ድንብርጽ ከይበሎ ካብኦም ሽቒጡ ገንዘብ ክሽማጥጥ'ዩ ተጓይዩ።

ምናዳ፡ ሞት ናይታ ነፍሰ-ጾር ዝነበረት ብስንባደ እናጠሓለት ዝሓረሰት ኣደን፡ ሞት ናይቲ ምስ መዳሕንቱ ንሓንቲ ደቒቕ እውን ትኹን ከየተንፈሰ ምስኣ ተሊኪሙ ዝጠሓለ ሕጻን ወዳን፡ ንሕልና ናይ ኲሎም ብቐረባ ነቲ ሓደጋ ዝተኻታተልዎ ኢጣልያውያን ስለ ዝተንከፈ፡ መንግስቲ ኢጣልያ ንክብሪ ናይቶም ዝሞቱ ግዳያት ባንዴራ ሃገሩ ንፍርቂ ክስቀል ኣብ ርእሲ ምብያኑ፡ ንሰለስተ መዓልታት ዝጸንሕ ናይ ሓዘን ግዜ ኣዊጁ። እቲ ሕሰም ዜጋታትና ብቐጥታ ዝምልከቶ በዓል ጉዳይ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ከነሱ፡ ሓዘኑን ድንጋጸኡን ንምርኣይ ዋላ'ውን ንኽምስል ዝወሰዶ ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ኣይነበረን። ከም ልሙድ ኣብ ዝኾነት ሃገር፡ ይትረፍ ልዕሊ 350 ዝኾኑ ዜጋታት፡ 35 ዜጋታት እውን ይኹኑ ብሓደጋ ብጃምላ ህይወቶም ምስ ዝስእኑ፡ መራሒ ሃገር ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ብምቕራብ ናይ ጽንዓት መልእኽቲ ኣብ ርእሲ ምምሕልላፉ፡ ብኣካል ኣብቲ ሓደጋ ዘጋጠመሉ ቦታ ብምብጻሕ፡ ንቤተ-ሰብ ግዳያት ከጸናንዕ'ዩ ዝጓየ። ኣይግዳዱ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ግን ሕሰም ዜጋታቱ ሕሰሙ ስለ ዘይኮነ፡ "ሕሰም ኣይትርከቡ፣ ጽንዓት ይሃብኩም " ንምባል ዓቕበ'ዩ ኰይንዎ። ንምጽንናዕ ዓቕብ ይኹኖ ድኣ'ምበር፡ "እዞም ሓተላ ሕብረተሰብ ዝኾኑ ባእታታት፡ ወርቂ ተነጺፎም ዝድቅሱ መሲልዎም፡ ተረፍ መኣዲ ጐይቶቶም ክልቕምጹ ዝሃድሙ ዘሎው፡ ሃጽ ኢሎም እንተ ጠፍኡልካ ጾርካ'ዩ ዝፈኹሰልካ" ብምባል፡ ክናድፍ ግን ዓቕብ ኣይኰኖን። እኳድኣ መሊሱ'ዩ ተበሪህዎ!!!

## 3. ስሉሳዊ ዝምድና ቅዋምን ደሞክራስን ሓርነትን

ሓደ ይኹኑ፣ ክልተ ይኹኑ፣ ሰለስተ ይኹኑ፣ ዝበሃል ነገር እንተሎ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ቅዋምን ደሞክራሲን ሓርነትን ዘሎ ዝተጠላለፈ ስሉሳዊ ዝምድና ዝምልከት ኢዩ። ደሞክራሲ ብዘይ ቅዋም፡ ሓርነት ከኣ ብዘይ ደሞክራሲ ክረጋገጽ ዝከኣል ኣይኮነን። ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም ዝምስረት ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ውሕስነት የብሉን። እቲ ኣብ ቅዋም ተመርኲሱ ዝተመስረተ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ፡ ህዝባዊ ሓርነት ከገጋግጽ ዝድረኽ፡ ስልጣኑ በቲ ቅዋም ምስ ዝቕየድን ካብ መትከላቱ ከይወጽኣ ምስ ዝሰርሕን ዘመሕድርን ጥራይ ኢዩ። እቲ ንቅዋምን ደሞክራስን ሓርነትን ኣብ ሓደ ጠሚሩ ዘዛምዶም ናይ ሓባር ረቛሒ፡ መንግስቲ ኢዩ። ንዝተጠላለፈ ዝምድና ቅዋምን ደሞክራስን ሓርነትን ንምብራህ፡ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ዘሎ መቓን ከም ዝሕበሮ፡ መንግስቲ ማእከላይ ስፍራ ሒዙ ንሰለስቲኦም ተዛመድቲ ኣምራት ወይ ተምሳላት ኣብ ሓደ ሓዚሉ ዘዋስእ ኣላት (መሳለጢ = mechanism) ኢዩ። እዚ ኣላት'ዚ፡ ብሕብረተሰብ ዝተነብሮ (ዝተዋህቦ) ሓልፍነት ብግቡእ ዘማልእ፡ ብቅዋም ተቐይዱ ዝምራሕ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ምስ ዘቕውምን ንመትከላት ደሞክራሲ ኣብ ግብሪ ብምውዓል ህዝባዊ ሓርነት ምስ ዘረጋግጽን ኢዩ።




መቓን ዝተጠላለፈ ስሉሳዊ ዝምድና ቅዋምን ደሞክራስን ሓርነትን

መንግስታዊ ስልጣን፡ በቲ ቅዋም ቅጥዒ እንተ ዘይተገርሉ፡ ማለት ዕደመኡ እንተ ዘይተወሲኑ፣ መዝነቱ እንተ ዘይተደሪቱ፡ ሓልፍነቱ እንተ ዘይተነጺሩ፣ ከምኡ'ውን ሓይሊ ስልጣኑ እንተ ዘይተመዛዚኑ (ኣብ ሓጋግን ፈራድን ፈጻምን ኣካላት ብምምቕራሕ)፡ ኣብ ኢድ ሓደ ንኡስ ጉጅለ ወይ ውልቀሰብ ክወድቕ ስለ ዝኽእል፡ ዘይድለ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ከኸትል ይኽእል ኢዩ። ንኣብነት፡ ከምቲ ኣብ ሃገርና ድሕሪ ሓርነት ዝተኸሰተ፡ እንተ ገድብ ዘይብሉ መንግስታዊ ስልጣን ኣብ ሓደ ውልቀ-መላኺ ወዲቑ፡ ክንዲ ንህዝቢ ዝሓልን ዝከላኸልን ዝጠቅምን ስርዓት፡ ንህዝቢ ዝጐድእን ዝጭቁንን ዝምዝምዝን ስርዓት ክምስርት ይኽእል ኢዩ።

ኣብ ሃገርና ድሕሪ ናጽነት ህዝባዊ ሓርነት ክረጋጽ ዘይከኣለ፡ እቲ መንግስታዊ ስልጣን ዝሓዘ ግንባር --ህ.ግ.ሓ.ኤ -- ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ክካየድን ክእለን ብዘይ ምጽንሑ ኢዩ። ዝምረሓሉ ኣብ ሰለስቲኡ "ውድባዊ ጉባኤታት" ዝጸደቐ ውድባዊ ቅዋም ይንበሮ ድኣ'ምበር፡ ብውድባዊ ቅዋሙ ተቐይዱ ይምራሕ ኣይነበረን። እቲ ብማርክሳዊ ስነ-ሓሳብ ተመሪሑ ነቲ ውድብ ብምቁጽጻር ዝኣልዮ ዝነበረ ዘይሕጋዊ ምስጢራዊ ሰልፊ (ኤርትራዊ ህዝባዊ ሰውራዊ ሰልፊ)፡ ብምልካዊ ኣገባብ ኣመሓዳድራ የመሓድሮ ስለ ዝነበረ፡ ድሕሪ ናጽነት ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ነቲ ሱር ሰዲዱ ንመላእ ጨናፍራት ናይቲ ግንባር ንምቊጽጻር ዝተቐመሉ ከይፈረሰ ከም ዘሎዎ ዝቐጸለ ሕቡእ ምትሳሳራት እሙናት ሰዓብቱ (ተራን ሓልፍትን) ዳገመ-ውደባ ጌሩ ብምጥንኻር፡ ንሃገር ምልእ-ብምሉእ ተቘጻጺሩ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ንምቛም ደጊሙ'ዩ ተጠቒምሉ። ድሕሪ ናጽነት፡ ነዚ ኣብ ትሕቲ ጽላል ህ.ግ.ደ.ፍ ዝተኣኻኸበ ጸጊሕ ሕቡእ ምትእስሳራት ሰዓብቱ፡ ክውግዶ ተኽእሎ ዝነበሮ እቲ ብ1997 ብናይ ሸዑ ግዝያዊ ናይ ኤርትራ መሰጋገሪ መንግስቲ ብይን መሰረት ዝተነድፈ ቅዋም ኢዩ። እንተኾነ፡ ብመሰረት ቅዋም እቲ ንግዝያዊ ናይ መሰጋገሪ መንግስቲ፡ ሃገራዊ ምርጫ ብምክያድ ህዝባዊ መንግስቲ መስሪቱ ክትከኦ ዝተሓለነ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ከይቆመ እንከሎ፡ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ዶብ ግጭት ብምስዋር፡ ተኾሊፉ ከም ዝተርፍ ጌሮዎ። በዚ ከይተዓገተ፡ ንኹሎም የስግኡኒ ኢዮም ዝበሎም ደገፍቲ ደሞክራሲያዊ ስርዓት (ሓለፍትን ተራን) ብዘይወዓልዎ ገበናት ከሲሱ ብምእሳር ምስ ኣሕቀቐም፡ ተኣማሚኑ ነቲ ብ1997 ዝተነድፈ ቅዋም ኣብ ግበሪ ከይወዓለ "ዝሞተ ሰነድ'ዩ" ብምባል ኣፍረሶ።

ይተረፍ ንሰነድ ቅዋም፡ ንዝኾነ ማንም ሰነድ'ውን ኣብ እትስረዘሉ፡ ንምስራዙ ጠንቂ ዝኾነካ ምኽንያታት እዚን እትን 'ዩ ብምባል ተቐርብ ኢኻ። ንበኸሪ ቅዋምና ንምፍራስ ጠንቂ ዝኾና ምኽንያት ግን ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ፈጺሙ ኣየቕረበን። ጠንቂ ዝኾና ምኽንያት ዘየቕረበሉን ከቕርብ ዘይዓጠጦን፡ "ንበተረ-መንግስቲ ኣብ ኢደይ ጨቢጠ፡ ምደረ-ሰማይ ሰጥ-ለበጥ ኣቢለያ'የ፤ኣብ ትበጽሕዎ የብልኩምን" ካብ ዝብል ትምክሕታዊ መንፈስ ነቒሉ ኢዩ። ነቲ ሰነድ ቅዋም ከም ዝሰረዞ ንምፍላጥ "ፈሪሱ'ዩ" እትብል ሓረግ ኣብ ክንዲ ዝጥቀም፡ ካብኡ ዝሓየለት "ሞይቱ'ዩ" እትብል ሓረግ ክጥቀም ዝመርጸ ብፍላጥ ምልኩ ንምርኣይ ኢዩ ። ብዝኾነ፡ ዋና ቦኸሪ ቅዋምና ህዝብና ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መዓልቱ ይንዋሕ-ይሕጸር ብዝበለጸ ኣሐዲሱን ኣደንፊዑን ክሃንጾ'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኣውራኡ ኣብ ግበሪ ከውዕሎ'ዩ። እዚ ትምቢት'ዚ ውዒሉ-ሓዲሩ

ከይተፈጸመ ዘይተርፍ ዘይሳዚ (ዘይፈሽል) ትንቢት ኢዩ። ነቲ ኣብ መንጎ ቅዋምን ደሞክራስን ሓርነትን ዘሎ ዝተጠላለፈ ዘይነጻጸል ስሉሳዊ ዝምድና ኣብ ግምት ብምእታው፡ ውልቀ-መልኺ ኢሳያስ ንቦኽሪ ቅምናን ንምፍራስ ዝወሰዶ ኣዕናዊ ስጉምቲ ምስ እንትመዝኖ፡ ነዚ እከይ ተግባር'ዚ ክፍጽም ዝተገደደ፡ ቅዋም በቲ ሓደ ሸነኽ ንምትካል ደሞክራሲያዊ ስርዓት ዘገልግል ጥጡሕ ባይታ ስለ ዝምድምድ፣ በቲ ኻልእ ሸነክ ከኣ፡ ደሞርክራሲ ከም ባህሊ ኣብ ሕብረተሰብና ከም ዝሰርጽ ብምግባር፡ ህዝባዊ ሓርነት ዝረጋገጸሉ ምቹእ ኲነታት ስለ ዘዋድድ ኢዩ። ንሱ'ዩ እቲ ሓደን ዘክወልን ሓቂ። ካብዚ ወጻኢ፡ ካልእ በዚባ በትባ ዘብል እንታን ጣቋን የብሉን።

## 4. ቅዋም ዋሕስ ሓድነት ህዝብን ማዕርነት ብሄራትን ኢዩ

እቲ ብህዝቢ ከይተወከለን ከይተመርጸን መንግስታዊ ስልጣን ዝሓዘ ገዛኢ ደርቢ፡ ዘድምዕ ስሙር ህዝባዊ ተቓውሞ ከይገጥሞ፡ ንሓድነት ናይቲ ህዝቢ ንምምህማን "ከፋፊልካ ግዛእ" ብዝብል እኩይ ሜላ ተመሪሑ፡ ንወገናዊ ዝንባለታት ናይቲ ሕብረተሰብ፡ ንኣብነት፥ ንብሄርን ሃይማኖትን ኣውራጃን መዝሚዙ፡ ኣናከፋፈለ'ዩ ዝገዝእ። እቲ ህዝቢ ነቲ "ከፋፊልካ ግዛእ" ዝብል እኩይ ሜላ ናይቲ ገዛኢ ደርቢ እንተ ዘይነቒሕሉ፡ ኣብ ክንዲ ነቲ ዝዕምጾ ዘሎ ገዛኢ ደርቢ ሰሚሩ ዝቃለስ፡ ብወገናዊ ዝንባለ ተጠቒዑ ነንሓንድዱ ክሳብ ምፍላስ ክበጽሕ ይኽእል ኢዩ። ንኣብነት፡ እቲ ኣብ ሩዋንዳ ዝተራእየ ናይ ቱትስን ሁትስን ዝበሃሉ ብሄራት ምፍላስ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ንጹሃት ዜጋታት ናይቲ ሃገር (ቆልዑን ኣንስትን ብብዝሒ ዝርከብዎም) ብባርባራዊ ግፍዒ ዝሃለቕሉ፡ ጠንቁ፡ ገዛእቲ ባዕዳውያንን ወከልቶም ደቂ ሃገርን ነቲ ህዝቢ ከፋፊሎም ንምግዛእ ዝፈጠርዎ ዕዉር ጽልእን ሕዱር ቅርሕንትን ኢዩ። ብተመሳሳሊ፡ እቲ ኣብ ዒራቕ ብቐጻሊ ኣብ መንጎ ሺዓን ሱኒን ዝተሰምዩ ሃማኖታዊ መዝሃባት (ክፋላት) ብዘይንሕስያ ዝካየድ ዘሎ ነታ ሃገር ናብ ዑናምናን ምድረ-ሞትን ዝለወጣ፡ ብሃይማኖታዊ ፍልልያት ዝተጐልበበ ምፍላስ፡ ተወሳኺ ህያው ኣብነት ኣሉታዊ ሳዕቤን ናይቲ "ከፋፊልካ ግዛእ" ዝብል እኩይ ሜላ ባዕዳውያን ገዛእትን ወከልቶም ደቂ ሃገርን ኢዩ።

ብጀካ ንስልጣን መንግስቲ ምቕያድ፡ ናይ ቅዋም ካልኣይ ዓቢ ዕማም፡ ህዝባዊ መሰላት በቲ መንግስታዊ ስልጣን ዝሓዘ ሓይሊ (ሰልፊ ይኹን ጒጅለ) ከይገሃስ ምክልኻል ኢዩ። ህዝባዊ መሰላት ንክልቲኡ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ዘጣምር ኰይኑ፡ ብርክት ንዝበሉ ብድምር ሓርነት (liberty) ብንጽል ከኣ ናጽነት (freedom) ተባሂሎም ዝጥቀሱ ዘካትት ኢዩ። ገለ ካብዚኣቶም፡-

- ነብስወከፍ ዜጋ ሰብኣውነቱ ከይተደፍረን ክብረቱ ከይተቐንጠጠን ብሰላም ክነብር፣
- ብሓላል ርሂጹ ዘጥረዮ ንብረት ክውንን፣
- ኣብ ዝደለዮ ቊጠባዊ ቀጸላ ተዋፊሩ ዕለታዊ እንጀርኡ ክምእርር፣
- ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቡ ብሕጋዊ መስርሕ ፍትሒ ክረክብ፣
- ሓሳቡ ብጽሑፍ፡ ብዘረባ፡ ብስእሊ፡ ብቅርጻ፡ ወይ'ውን ብድራማ ክገልጽ፣
- ወከልቱ ኣብ ናጻን ፍትሓውን ምርጫ ተሳቲፉ ክመርጽ ወይ ከኣ ንባዕሉ ወኪል ኰይኑ ክምረጽ፣
- ተቓውሞኡ ብሰልፊ፡ ብኣድማ፡ ብውልቂ፡ ብእኩብ ከስምዕ፣
- ብዘይ ኣድልዎን ሻርነትን ማዕረ ኣገልግሎት ክዋሃብ፣
- ብማሕበር፡ ውድብ፡ ወይ ከኣ ሰልፊ ተጠርኒፉ ክነጥፍ፣
- ሓድሽ ምህዞ ክምህዝን ክድህስስን፣

- ባህሉን ልምዱን ቋንቋኡን ብዝኾነ ወገን ከይተዓብለለን ከይተኸልከለን ከደንፍዕ፣ ከምኡ'ውን
- ኣብ ዝደለዮ ዓይነት እምነት ክኣምንን ክኸተልን መሰሉ ብቅዋም ዝተሓለወን ዝተኸብረን'ዩ ንዝብሉ ዘጠቓልሉ ኢዮም።

ቅዋም ነዞም ዝተረቖሑ ህዝባዊ መሰላት ኣብ ርእሲ ምሕላዉን ምኽባሩን፡ እቲ ዝበዝሐ ነቲ ዝወሓደ፣ እቲ ዝሓየለ ነቲ ዝደኸመ፣ እቲ ዝሃብተመ ነቲ ዝደኸየ፣ እቲ ዝተማህረ ነቲ ዝደንቆረ (ዘይተማህረ)፣ እቲ ዝዓብለለ ነቲ ዝተዓብለለ ከምኡ'ውን እቲ ዝሰልጠነ ነቲ ዝደሓረ ክዕምጾን ከግድዖን ኣየፍቅድን ኢዩ። በዚ መሰረት'ዚ፡ ዝኾነ ዓይነት ኣብ ደርቢ፡ ብሄር፡ ጾታ፡ ስንክልና፡ ኣውራጃ፡ ሃይማኖት፡ ትውልዲ፡ ስልጣን፡ መውስቦ፡ ዕርክነት፡ ረብሓ፡ ግንዖ (ማዕሩፍ)፡ ጉቦ (ብላዕ) ወ.ዘ.ተ ዝተመርኰሰ ኣድልዎ፡ በለጽን ዓመጽን ከም ዝጥጥዕ ኣብ ርእሲ ምግባሩ፡ ንሓድነት ዝብቢ ብምድኻም ናብ ነንሓድሕድካ ምፍላስ ከብጽሕ ስለ ዝኽእል፡ እቲ ብቅዋም ተቐይዱ ዝምራሕ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ከይነሓፈ፡ ብትሪ'ዩ ዝምቃወሞን ዝምክቶን። ዝኾነ ዜጋ ኣብ ሓላፍነት ይሃሉ ኣይሃሉ፡ ብኣድልዎ ተኸሲሱ እንተድኣ ኣብ ሕጊ ቀሪቡ፡ በድሉ ንቅዋም ዝሕጥስ በድል ስለ ዝኾነ፡ ብጽኑዕ'ዩ ዝቕጻዕን ካብ መዝነቱ ዝእለን።

ስለዚ፡ ቅዋም ደሞራሲያዊ መንግስቲ፡ ንህዝባዊ መሰላት ከኽብር ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሓድነት ህዝቢ ከደልድልን ንማዕርነት ብሄራት ከረጋግጽን ውሕነት ዝህብ ኣዝዩ ኣገዳስን ኣድላዩን ሰነድ ኢዩ። በትረ-መንግስቲ ብዓመጽ ዝጨበጠ ጕባጢ፡ ዊን ኣብ ዝብሎ ግዜ **"ዝሞተ ሰነድ'ዩ**!" ብምባል፡ ብንዕኡ ዝምእምእ ምልካዊ ቅዋም ምእንቲ ክትክኡ፡ ናዕ ኣቢሉ ዘፍርሶ ማንም ሰነድ ኣይኰነን። ከም ታቦት ተቐጺሩ ክሕብሓብ ዘሎዎ <u>እምብዛ ዝተቐደሰ ሃገራዊ ሰነድን ካብ ኣበሳ መንግስታዊ ስልጣን ዘገላግል መድሕን ህዝብን</u> ኢዩ። እወ መድሕን ህዝቢ'ዩ ! -- ምኽንያቱ፡ ንብዱል ኣያ ኲይኑ ዝጣበቐሉ እሙን ጠበቓ፣ ንውጹዕ ዋልታ ኲይኑ ዝከላኸለሉ ፍቱን ድርዒ፣ ከምኡ'ውን ንድኹም ጸግዒ ኲይኑ ዘዕቍቦ ጽኑዕ ዕርዲ ስለ ዝኾነ።

## 5. ቅዋም ተሓልቕን ተጣባቕን ህዝባዊ መሰላት ኢዩ

ሰብኣዊ መሰላት፡ "ህይወት ሰብ ክቡር'ዩ" ኣብ ዝብል <u>ቅዱስ ኣድማሳዊ ኣምር</u> ዝተመርኰሰ ኢዩ። ህይወት ሰብ ካብ ዝኾነ ነገር ስለ ዝዓዝዝ፡ ዋግኡ ብገንዘብ ዝትመን ኣይኰነን። ህይወት ሰብ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ እንተ ኣሕሊፍካዮ፡ ክትመልሶ ስለ ዘይትኽእል፡ ማለት ሓንሳእ ዝሞተ ሰብ ከም ብሓድሽ ህይወት ዘሪኡ ካብ ሞት ስለ ዘይትንስእ፡ ዝዓበየ ዕማም ናይ ቅዋም ህይወት ሰብ ብኸንቱ ከይባኸን ምክልኻልን ምዕቃብን ኢዩ። ኣቐዲሙ ከም እተጠቕሰ፡ እቲ ኣብ ሓደ ሃገር ዝለዓለ ስልጣንን ሓይልን ዘሎዎ ኣካል፡ መንግስቲ ስለ ዝኾነ፡ ከም ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንስልጣኑን ሓይሉን ካብ ሕጊ ወጻኢ እንተ ተጠቒምሉ፡ ዘይተኣደን ንብረት ሃገር ከብረስ ጥራይ ዘይኰነ፡ ብቐንዱ ዘይምለስ ህይወት ኣሽሓት ንጹሃት ዜጋታት ብኸንቱ ክጥፍእ ይኽእል ኢዩ። ብቅዋም ተቐይዱ ዝመሓደር መንግስቲ፡ ንስልጣንን ሓይሉን ካብ ሕጊ ወጻኢ ክጥቀመሉ ቅዋም ስለ ዘየፍቅደሉ፡ ኣብ ቅዋማዊ መንግስቲ ዘቕማ ሃገራት ዝነብሩ ዜጋታት ህይውቶም ክቡር'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ መንግስቶም ንህይወት ሓደ ዜጋ'ውን ይኹን እንተ ኣባኺንዎ፡ ብሕጊ ስለ ዝሕተት ተጠንቂቑ'ዩ ዘመሓድር።

ይኹን'ምበር፡ ንውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ዘገድሶን ዘሻቕሎን ኮፍ ኢሎዎ ዘሎ ዝፋን ስልጣን ከይስእኖ ኢዩ። ንዝፋን ስልጣኑ ካብ ወገኑን ሃገሩን ንላዕሊ ኣዕዚዙ ስለ ዝሪኡ፡ ዝኾነ ንዝፋን ስልጣኑ ዝብድህ ዜጋ፡ ካብ ወገኑ ይኹን ኣይኹን ጸላኢኡ ብምዃኑ፡ ውዒሉ-ሓዲሩ ወይ ካብ ስልጣኑ ኣደስኪሉ ዘርምዘርሞ ኲይኑ ከም ዝተርፍ ክገብሮ፡ ወይ ከኣ ኣዝዩ ዘስግኦ እንተኾይኑ ተቓጺዩ ክቕንጽሎ ኣሎዎ። ስለዚ፡ እቶም ከም ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ወይ ከኣ ኣውራጃ ዝኣመሰሉ ናይ ወገንነት መርኣያታት፡ ንምክፋፍልን ንምንቛትን ዝጥቀመሎም መሳርሒታት ድኣ'ምበር፡ ልዕሊ ዝፋን ስልጣኑ ሰሪዑ ተገዲሱን ሓልዩን ዝምከተሎም ጉዳያት ኣይኰኑን። በዚ መሰረት'ዚ፡ እቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ዕብላለ ናይ ሓደ ብሄርን ሃይማኖትን ኣውራጃን ዝተመርኰሰ ወገናዊ ስርዓት'ዩ ዝብል መውቀፍ፡ ከፈላዊ እምበር ምሉእ ሓቅነት የብሉን። ብርግጽ፡ ኣብ ገሊኡ ከባቢታት ሙብዛሕትኦም ካብቶም ብንሕና-ንሱ ዝፍለጡ ዕሙታት ደገፍቱ፡ ካብ ሓደ ብሄርን ሃይማኖትን ኣውራጃን (ወይ ከኣ ከባቢ) ዝመጽኡ'ኳ እንተኾኑ፡ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብመትከል ወይ ብሜላ ንረብሓ ወገኑ ክከላኸል ዝወደቦም ኣይኰኑን። ኣብቶም ኣብ ስልጣን ዝሓዙ ሰበ-ስልጣን መንግስቲን ሓለፍቲ ህ.ግ.ደ.ፍን ኣሕሉቕ ሰራዊትን'ውን

ከምኡ፡  ብዓብላሊ ቍጽሪ ካብ ሓደ ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ወይ ከኣ ኣውራጃ ዝመጽኡ ዜጋታት ብጕልሒ ይረኣዩ እኳ እንተኾኑ፡ በብጥቕሞም ምስቲ ስርዓት ዝወገኑ ድኣ'ምበር እቲ ስርዓት ብውሳይ (ኰነ ኢሉ ብሜላ) ዝኣኻኸቦም ኣይኰኑን።

ገለ ካብኣቶም ዕሙታት ደገፍቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ብርግጽ ካብ ጕድለት ንቕሓትን ዋሕዲ ኣፍልጦን፡ ብጸቢብ ዓይኒ ብምጥማት ንወገና ዝውክልን ዘርብሕን ስርዓት'ዩ ብምባል ናቡኡ ጠቢቖም ዘሕገብግቡ ኣሎዉ። ነዞም ህሙላት ሰዓብቱ ንምልላዮም ክጥዕም፡ ኣሕገብገብቲ ብዝብል ቅጽል ስም ክንጽውዓም ንኽእል ኢና ። እቶም ዝተርፉ ዝበዝሑ  ደገፍቱ ግን "ኣብ ዘበን ውራውራ ነብስኻ ኣይተዕብራ" ካብ ዝብል ንውልቃዊ ረብሓ ዘቐድም መትከል ተበጊሶም  ምስቲ ስርዓት ዘውዘኽዝኹ ተበለጽቲ ኢዮም። ብኣመጻጽኣኦም፡ ካብ ኲለን ብሄራትን ሃይማኖታትን ኣውራጃታትን ሃገርና ዝመጹ ኢዮም። ነዚኣቶም ካብቶም ኣሕገብገብቲ ንምፍላይ ኣውዘኽዘኽቲ ብዝብል ቅጽል ስም ክንጽዎዖም ንኽእል ኢና።  ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ነቲ  ገቢቱ ኣቒምዎ ዘሎ "መንግስቲ"፡  ነዞም ኣሕገብገብትን ኣውዘኽዘኽትን ደገፍቱ ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉ፡ ሰፊሕ  ሰረት ብዘሎዎ ህዝባዊ ሰልፊ ዝምራሕ ገስጋሲ መንግስቲ'የ ዝብል ኣብ ሓቂ ዘይተመርኰሰ እምንቶ ይሃልዎ ድኣ'ምበር፡ ውልቀ-ምልካዊ መንግስቲ ምዃኑ ዘማትእ ኣይኰነን። በዚ ዝኣክል፡ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንዝኾነ ንስርዓቱ ዝድግፍ ባእታ፡ ብሄሩ፡ ሃይማኖቱ፡ ኣውራጃኡ ብዘየገድስ፡ ሰዓብተይ ብዙሓትን ካብ ኲሉ ወገናት ዝመጽኡን'ዮም እናመበለ ንኽመጻደቕን ሃገራዊ ካባ ክለብስን፡ ሓንጐፋይ ኢሉ'ዩ ዝቕበሎ።  ዝኾነ ደጋፊኡ መን'ዩ ብዘየገድስ፡ ተንከስ ኢሉ ንዝፋን ስልጣኑ እንተ ደፊሩ ግን ከይነሓፈ'ዩ ዝኹርምጆ። እዚ ኸኣ፡ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ከም ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት መጠን፡ ንዝፋን ስልጣን ሓደ ውልቀ-መልኺ -- "ፕረዝደንት" ኢሳያስ -- ዝከላኸልን ዝዕቅብን ድኣ'ምበር፡ ንረብሓ ሓደ ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ወይ ከኣ ኣውራጃ (ወይ ከኣ ከባቢ) ዝከላኸልን ዝዕቅብን ከም ዘይኰነ'ዩ ዝምስክር። እምበኣርከስ፡ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንሓደ ወገን ዝውክል'ዩ  ብዝብል ግጉይ እምነት ከይተሰናኸልና፡ ሓቢርና ንምውጋዱ ካብ ምቅላስ ዘልሓጥሓጥ ከይበልና፡ ኣብ ዘለናዮ  ምስቶም ደለይቲ ፍትሒ ተባዓት ኣሕዋትናን ኣሓትናን ብምንጽንባር፡ ንቅልጽም ሃገራውያን ደሞክራሲያውያን ተቓወምቲ ከነሐይል ኣሎና።

ኣብ መደምደምታ፡ ንነብሰወከፍ  ተቓዋሚ ደላይ ፍትሕን፡ ንነፍስወከፍ ብሄራውያንን ሕብረ-ብሄራውያንን ተቓወምቲ ውድባትን፡ ንጽርን ኲልዕን ኢሉ ክመሓላለፍ ዘሎዎ  ኣገዳሲ ሃገራዊ መልእኽቲ እንተሎ፥

> "ሃገራና ልኡላውነታ እትዕቅብ፣ ዜጋታታ ካብ ስደትን ሞትን ዝድሕኑ፣ ሓድነት ህዝብና ዝድልድል፣ ማዕርነት ብሄራትና ዝረጋገጽ፣ ከምኡ'ውን ካብ ሕስረትን ውርደንትን ህልቀትን ሓዘንን እንገላገል፡ ተኸፋፊልናን ተተፋኒንናን ዘይኰነ፡ ኣብ ሓደ ሃገራዊ ግንባር ተጠርኒፍና ብምቅላስ፡ ነቲ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ወጊድና ኣብ ክንድኡ ቅዋማዊ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ምስ እንምስርት ጥራይ ኢዩ።"

ምምስራት ቅዋማዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ፡ ንብሄራዊ ናይ ማዕርነት ሕቶ ጥራይ ዘይኰነ፡ ብዓቢኡ ነቲ  ህዝባዊ ሓርነት ናይ ምጕንጻፍ ሕቶ እውን ብኣድማዕነት ስለ ዝሞልሶ፡ ናብዚ ቅዱስ ሸቶ'ዚ ንምብጻሕ፡ ቃልስና ኣስሚርናን ኣወሃሂድናን ክንቃለስ ይግባእ። ሓቢርና ክንቃለስ ዝግብኣና፡ ኪኖ ክንበጽሖ እንእምቶ ዘሎና ሸቶ፡ ንህላወን ቀጻልነትን ልኡላውነት ሃገርናን ድሕነት ህዝብን ዝውስን ናይ ሓባር ረቛሒ -- ሃገራዊ ረብሓ ስለ ዘሎና ኢዩ። ኣብዛ  እንነብረላ ዘሎና ዓለም፡ እቲ ንኹለን መንግስታት ዘንቀሳቕስ ወይ ዝዝውር ውሽጣዊ ደራኺ ሓይሊ፡ ስነ-ሓሳባዊ ኣረኣእያ፣ ብሄራዊ መንነት፣ ዓሌታዊ ዘርኢ፣ ወይ ከኣ ሃይምናታዊ እምነት ከቶ ኣይኰነን። ሃገራት ከም ተርእዮ መጠን ካብ ዝተቐልቀላሉ እዋን እትሒዙ፡ እቲ ንመንግስታት ዓለምና ከንቀሳቅስ ወይ ክዝወር ዝጸንሐን ሕጂ 'ውን እንተኾነ  ዘሎን ውሽጣዊ  ደራኺ ሓይሊ፡  ሃገራዊ ረብሓ ኢዩ። ነዚ ዘይቅበልን ዘይረዳእን  ተቓዋሚ ሓይሊ ይኹን ተቓምሚ ባእታ፡ ኣብ ናይ ፖለቲካ ዓለም  ንዘሎ ዝተሓለለኸ  ፖለቲካዊ  ኩነታትን ሓድሽ ምዕባለታትን ብግቡእ ተንቲኑ ክግንዘቦ  ስለ ዘይክእል፡ ናብ ዓወት ዘብጽሖ ቅኑዕ ውሳነ ክውስን ኰነ ቅኑዕ ስጕምቲ ክወስድ ብቕዓት የብሉን።

ቅዋማዊ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ንምምስራት እንኽተሎ ናይ ቃልሲ ሜላ ብዝምልከት፡ ንመላእ ተቃለስቲ ባእታታትን ውድባትን ጕልሕን ድምቕን ኢሉ ክመሓላለፍ ዘሎዎ ተወሳኺ ኣገዳሲ መልእኽቲ እንተሎ፥ ክልቲኡ ህዝባዊ መሰላት ( ሰብኣውን ደሞርክራሲያውን) ክኽበርን ክሕሎን ዝኽእል፡ ብቐዳምነት ውልቃዊ መሰላት ምስ ዝኽበርን ዝሕሎን ምዃኑ ኢዩ። ነዚ ንምብራህ፡ ንመሳልል ማሕበራዊ ጥራናፊ ትኲር ኢልና ምስ እነቋምቶ፡ ሕብረተሰብ ብማሕበረሰባት (ብሄራት)፣ ማሕበረሰብ ብቤተሰባት፣ ቤተሰብ ከኣ ብወገኑ ብውልቀሰባት ከም ዝቖመ ኢና እነስተብህል። ካብዚ ብቐሊሉ ክድምደም ከም ዝከኣል፡ ሕብረተሰብን ማሕበረሰብን  ቤተሰብን፡  ድምር ናይ ውልቀሰባት ምዃኑ ኢዩ። ውልቀሰብ ሓደ እንተኾይኑ፡ ቤተሰብ ዓሰርተ ኢዩ፣ ቤተሰብ ዓሰርተ እንተኾይኑ፡ ማሕበረሰብ ሚእቲ ኢዩ፣ ከምኡ'ውን ማሕበረሰብ ሚእቲ እንተኾይኑ፡

ሕብረተሰብ ሽሕ ኢዩ። ዓሰርተን ሚእትን ሽሕን ብደርጃ ዕብየቶም (ብዝሖም) ይፈላለዩ ድኣ'ምበር፡ ኩሎም ድምር ናይ ሓደታት ኢዮም። ብተመላሳሊ፡ ሕብረተሰብ ኣብ ከርሱ ቤተሰባትን ማሕበረሰባትን ይሕቆፍ ድኣ'ምበር፡ ብመሰረቱ ብውልቀሰባት ዝቐመ ድምር ኢዩ። ሕብረተሰብን ማሕበረሰን ቤተሰብን ከም ድምራት መጠን፡ ናይ ገዛእ-ርእሶም ህላወ የብሎምን። ህላወኦም ኣብ ህላወ ውልቀሰብ ዝተመርከሰ ኢዩ።

ንኣብነት፡ ሓንቲ ብርሃን ዓሊብዋ ጽላለታ ኣብ ባይቶ ዘወደቐት ገረብ፡ ጽላለታ ዝህሉ ንሳ ምስ እትህሉ ጥራይ ኢዩ። ካብቲ ዝተተኸለትሉ ቦታ፡ እንተድኣ ምሒኻ ኣሊኻያ፡ ጽላለት ከተውድቕ ኣይትኽእልን ኢያ። ምኽንያቱ፡ ህላወ ጽላለታ ኣብ ሃላወኣ ዝተመርኰሰ ስለ ዝኾነ። ካብዚ ብዘይፍለ፡ ሕብረተሰብ ከም ድምር ውልቀሰባት መጠን ናይ ገዛእ-ርእሱ ህላወ ስለ ዘይብሉ፡ ከም ጸላለት ውልቀሰብ ክውሰድ ይከኣል ኢዩ። ስለዚ፡ ውልቀሰብ ነቲ ሓፋሽ ወይ ህዝቢ እንብሎ ተደሚሩ ዘቐውም ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሕብረተሰብ ዘንቀሳቕስን ዘገስግስን ናይ ገዛእ-ርእሱ ህላወ ዘሎዎ መሰረት ስለ ዝኾነ፡ ፍሉይ ቆላሕታ ተዋሂብዎ መሰሉን ክብሩን ከይገሃስ ብቅዋም ክሕሎን ክኽበርን ኣሎዎ። ነፍስወከፍ ዜጋ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብቅዋም ዝተዋሕሰ ዘይገሃስ ማዕረ መሰልን ክብርን እንተልይዎ፡ ዝኾነ ዓይነት ኣድልዎ ምስ ዘጓንፎ፡ ብዓንቀጻት ቅዋም ተደጊፉ ክብድሆ ምሉእ ዓቕምን ተኽእሎን ስለ ዘሎዎ፡ ቅንጣብ ወገናዊ ዝንባለ ኣይሓድሮን ኢዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ልቡ ጸረ-ህዝቢ፡ ጸረ-ሃገር፡ ወይ ከኣ ጸረ-መንግስቲ ኣሉታዊ ቅርሕንቲ ኣየዕብን ኢዩ። ምኽንያቱ፡ መሰል ውልቀሰብ ምሕላውን ምኽባርን ማለት መሰል ቤተሰብን ማሕበረሰብን (ብሄርን) ሕበርተሰብን ምሕላውን ምኽባርን ማለት ኢዩ። በዚ ልቦና'ዚ መሰረት፡ ንሓደ ውልቀሰብ ምእዛይ ከም ንመላእ ሕብረተሰብ ምዝዛይ'ዩ ዝቑጸር። ብተመሳሳሊ፡ ንሓደ ውልቀሰብ ምዕጋብ እውን ከም ንመላእ ሕብረተሰብ ምዕጋብ'ዩ ዝቑጸር።

መሰላት ውልቀሰብ፡ ኣብ ዝኾነ እዋንን ኩነታትን ዕሽሽ ዘይበሃልን ዘይጉሰን መሰረት ህዝባዊ መሰላት ምዃኑ ምስትውዓል፡ ዓቢ ቁምነገር ዝመልኦ ልቦናን ናብ ራህዋን ብልጽግናን ዘምርሕ <u>መለለዪ ስልጡን ህዝብን መንግስትን</u> ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ቅዋማዊ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ንምምስራት ዝሰላሰስል ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ዓወት ተቐላጢፉን ብውሑድ ክሳራን ክበጽሕ ዝኽእል፡ ምርገጋጽ ውልቃዊ መሰላት ካብ ምርግጋጽ ህዝባዊ መሰላት ከም ዘይንጸልን ንዕኡ ዝዕግል ፈልፋሊ ምንጩን ከም ዝኾነን ብምስትውዓልካ ጥራይ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፡ ነዚ ድሕሪ ምስትውዓልካ፡ እቲ ናብ ዝኣመትካዮ ሽቶ ዘብጽሓካ ኣድማዒ ስጉምቲ፡ ንፍርሒ ካብ ነብስኻ ቀንጢጥካ ተጠርኒፍካ ምቅላስ ኢዩ። ጥርናፈ ንሓይልኻ ዘጠንክር ብርቱዕ ማዕበል'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ብዕጽፊ ኣራቢሑ ንሓይልኻ ዘዕቢ ብርቱዕ ህቦብላ ኢዩ። ስለዚ፡ ነዛ ብሰንኪ ኣዕናዊ ተግባራትን ሜላታትን ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደፍ ኣብ ኣፍደገ ሞት በጺሓ ትጻዓር ዘላ ፍትውቲ ውላዲት ሃገርና ከነድሕና፡ እናረኣናያ ከይትዓርፍ፡ ተጠርኒፍና ንዘይተርፍ ዓወት ዳግማይ ሓርነታዊ ቃልስና ክዉን ንምግባር፡ ሃየ ንሸኩል (ንስለጥ)። ሃየ ንሸኩል፡ ምኽንያቱ ከምቲ ወናም ድምጻዊ ሓው ምሕረተኣብ ሚካኤል፡ ኣብታ እዋናዊት ህብብቲ ደርፉ ዝበሎ፥

**ማማ ትሓመናላ !!!**

**ማማ ትሞተናላ !!!**